ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

St. Eritrean Orthodox Tewahdo
Medhanie Alem Kerk
Amstelveen-Amstelland Holland.

8 ሰነ 2016 ግዕዝ
15 juni 2024
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2016-490

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ እታ 3 ዝኣባላታ ካብ ቤተክርስትያንና ዝትላእከት ሸማግለ፡ ካብ ቤ/ጽ/ቅ/ ሲኖዶስ ሒዛቶ ዝመጸት ኣገዳሲ እዋናዊ መልእኽቲ፡

ዝኸበርኩም ኣባላት ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡
ዝኸበርኩም ህዝበ ክርስትያን፡

መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕራብ ጽቡቕ ጥዕናን ሰላምኩምን ንምነ። ቀጺልና ከኣ፡ በታ ንህዝቢ ቤተክርስትያን ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ ወኪላ ናብ ኣሥመራ ተላኢኻ፣ ኣብ ሓጺር ጊዜ፡ ነቲ ዝተዋህባ ሓላፍነታዊ መልእኽቲ ኣብጺሓ፣ ኣብ ምምላሳ ከኣ ካብ ቤ/ጽ/ቅ/ ሲኖዶስ ሒዛቶ ዝመጸት ኣገዳሲ ዝኾነ እዋናዊ መልእኽቲ ከም ዘሎ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

እቲ ንዓመታት ዝኣክል ህዝቢ'ዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ደ/ሰላም መ/ዓለም፡ ኣብ ትሕቲ ቅ/ሲኖዶስ ኤርትራ ኰይኑ፡ ነቲ ሕጊን ሥርዓትን ቅድስቲ ቤተክርስትያን ሰንሰለታዊ ምሕደራን ኣኽቢሩ፡ በቶም ብሕጋዊ መንገዲ ዝመረጾም ሰበኻ ጉባኤ ተማእኪሉ፡ ኢድን ጓንቲን ኰይኑ ብሓላፍነት እንዳ ሠርሐ፣ ግቡኡ እንዳ ፈጸመን እንከሎ፣ ብኣብ ልዕሌኡ ዘለዉ ኣመሓደርቲ ኣካላት ዘጋጠሞ ዘይሓላፍነታዊ ውሳኔታትን ትእዛዛዊ መጥቃዕቲታትን፡ ብትዕግሥቲ "ኩሉ ብሕጊን ሥርዓትን ይኹን" እንዳበለ ጸኒዑ ክቃለስ ዝጸንሐ ብምዃኑ፡ ምስጋና ንመ/ዓለም ብምቕዳም፡ በዚ ኣጋጣሚ፡ ነዚ ህዝበ ደ/ሰላም መ/ዓለም'ውን ከነመስግኖን ከነሞግሶን ንደሊ። ህዝቢ'ዛ ቤተክርስትያን እዚኣ እምበኣር፡ ኣብ ቀጻሊ ጉዕዞኡ፡ ነቲ ከጋጥሞ ዝጸንሐ ፈተነታትን ብድሆታትን "ሕጊ ይከበር፡ ውሳኔታት ኣቦታትና ቅ/ሲኖዶስ ይተግበር" እንዳበለ ብሕጋዊ መንገዲ እግቤታታቱን መረርኡን ብሰንሰለታዊ መንገዲ እንዳ ኣቕረበ፡ ንጉዳይ ቤተክርስትያኑ ፍትሒ ክረኽበሉ ተቢዑ ክቃለስ ዝጸንሐ ህዝቢ ኢዩ። ንሓቂ ዋናኣ መ/ዓለም ክርስቶስ ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ኣብ ፈታኒ ጊዚያት ኣይገደፈናን።

እነሆ እምበኣር፡ እታ ቤ/ጽ/ሃ/ስ/ ኤውሮጳ ን/ሃ/ስ/ን/ ነዘርላንድን ከግልሉዋ ዝጸንሑ ቤተክርስትያን ደ/ሰላም መ/ዓለም፡ ኣብ ትሕቲ ቅ/ሲኖዶስ ኰይና ጸኒዓ ዝመከተቶ መኸተ፡ ብጹዓን ኣቦታት ቅ/ሲኖዶስ ናብ ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ ብምልኣኽ ዝሰደዱልኩም ምኽሪን ናይ ምጽንናዕ መልእኽቲን፡ ንሓበሬታኹም ንልእከልኩም ኣሎና።
ጉዳይ ቤተክርስትያንና ኣብ ቀረባ ጊዚ ውሳኔ፡ ማለት ፍታሕ፡ ከም ዝረክብ እንዳ ተኣማመነ፡ ሰበኻ ጉባኤ ከኣ፡ ነቲ ቅ/ሲኖዶስ ኣብ ዝለኣኸሉ መልእኽቲ ዘመሓላለፉሉ ኣባታዊ ምኽሪ ኣኽቢሩን ተኸቲሉን፡ ንህዝቢ'ዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ደ/ሰላም መ/ዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ ኣንዳ ኣለየ ብትዕግሥቲ ክጽበ ኢዩ።
ኣብ'ዚ ንእግረመንገድና ክንጠቕሶ እንደሊ፡ ዝኾነ ይኹን ብቅድስቲ ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ንኣገልግሎት ቤተክርስትያንና ዘድልዩ ኩሎም ዓይነት ቁሳቑስን ቀጥዒታትን፡ ብግቡእ ክማላኣልና ከም ዝኽእል፡ ናይ ቀረባ ዝለዓለ ትስፍዊ ኩነት ከም ዝፍጠር ኣይንጠራጠርን ኢና።
(ነቲ መልእኽቲ ቅ/ሲኖዶስ ንምንባብ ለጠፍ ተመልከት።)

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።

The Eritrean Orthodox Church Tewahdo Stichting Medhanie Alem Amstelveen Amstelland



ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland